

# ሕሶት ዓለም

ኣብዛ ዘለናላ እንነብረላ ከባብ ዓለም
መዓልታዊ ትሐልም ትሰርሕ ትደክም
ብድቃስካ ትጽዕዱ ትቐይሕ ትጽልም
ብሓሳብካ ትበርህ ትውርሕ ትቐልም
ብዘይ ሃገርን መንነትን ይጠፍእ እቲ ቀለም

እዛ ናትና ዓለም ኤርትራዊት ሃገርና
ኩልና ብሓባር ሰብኣይ ሰበይትና
ሐቂ ንጽንዓት ናጽነት ንሰላም ተኺልና
ምእንቲ ኤርትራና ክትነብር ኣብዓለምና

ሰላማዊ ፉጡራት ኢና ታሪኽ ምስክርና
ብሕግን ብስነስርዓትን ንምራሕ ህዝቢ ኢና
ሕሶት ዓለም ብሚዛን ዘይምጥማታ ይገርመና

ኣብዛ ከባብ ዓለም ጽልኢ በዚሑ
ኣብክንዲ ንኹልና ንዓይ ጎሊሑ

እቶም ዓለም ንሕና ኢና ዝብሉ
ብዘይካ ንውልቆም ንኻልእ ዘይብሉ

ዘራጊቶ ንፉስ ኣእትዮም ይፈላልዩኻ
ምእንቲ ከይትሰርሕ ከይትሐድር ብነብስኻ
ዓለም ከለካ ክትልምን ክትልቃሕ የገዱዱኻ
ብዓል ኣሜ ሐንቲ ሂቦም ሽሕ የሕድጉኻ
ስለዚ ሰበይ ንዓለምካ ሐሉ ከምብሌን ዓይንኻ
ምእንቲ ክኸውን ሃብቲ ሃገር ንህዝቢ ንዓኻ

ፍርዲ ዓለም ፍርዲ ሐቂውን ጠፊኡ
ሰብና ዘይኮነ እቲ ዓለም ከፊኡ
ዓናናት ንባንኪ ሙንውን ክሰርሕ እንተተክኡ
መስሉዎም ህዝብና ሸለል ዝብል ፈሪሑ
ስኾ ኢሉ ዝቕመጥ ብዘይገለ ተገሪሁ
ሕጂግዳይ ፋና ናጽነት ኣብሃገርና በሪሁ
ዋርሳይ ይካኣሎ ብሐድነቱ ቅያ ሰሪሑ

ኤርትራዊ ዘርኢ ብሃገሩን ህዝቡን ዝኾርዕ
ሐድነት መስሪቱ ንሃገሩ ይሃንጽ የልምዕ
ኣንጻር መንነቱ ንዝመጽእ ጸላኢ ዝጭፍልቕ
ብዝተፈላለዩ ኣዛብእ እንጉይ ክብሉ ዘይጭነቕ

ኣኽላባትውን ክነብሑ ዘይስንብድ ዘይፈርሕ
ኤርትራዊ ህዝቢ ጸኒዑ ስርሑ ዝሰርሕ

ደቂኤረ ትንኣስውን ንሐሉ ንሃገርና
እቲ ፈረስ ንሕና ሉጋምውን ባዕልና
እቲ ሜዳ ጎቦ ምስ ባሕራዊ መሬትና

ኩልና ብሓባር ኣስላማይ ክርስትያና
ክንስዕስዕ ክንዘልል ኣብሜዳ ዓለምና
ጭራወጣ ምስ ክራር ከበሮ ወሲኽና
ንሐሉ ንሃገርና ምስ ያታዊ ባህልና
ኣለና ሕጂውን ኣለና ምስቲ ጽኑዕ ህዝብና
ምስዋርሳይ ይካኣሎ ከም ኡውን መንግስትና
ንሕና ዋልታኣ ሃገርና ጽላን ናይ ኩልና
ኣብዝኾነ ንሃሉ ዋላ ማርስ ተሰቒልና
ህያብ ኣቦታትና ኣይንረስዕ ንሐድነትና
ብህይወት ንሃሉ ዋላ ሞይትና ተቐቢርና
ልብናን ቀልብናን ሐደዩ ምስ መትከል ኤሬና
ዓወት ንሓፋሽ
ስዕረት ንኹሎም ጸላእትና